# ከመይ ገርኩም

## ምስ ደቅኹም ብዛዕባ ኦንላይን/ኢንተርነት ወሲባዊ ምዝመዛ ከም ትዛረቡ

ወሲባዊ ምዝመዛ (sexual exploitation) ኣሸንኳይዶ ብዛዕብኡ ክትዛረቡ ምስ ደቅኹም ከተልዕልዎ ከቢድ ኣርእስቲ ኢዩ። ነዚ ዕላል ቀሩብ ንምቅላል ዝሕግዙ ዓሰርተ ምኽርታት እነሀዉ፥

## ከመይ

1. **ንነብስኹም ኣስተምህሩ**
   ወሲባዊ ምዝመዛ ዝተሓላለኸን ቀሩብ ፍልልያት ዘለዎን ጉዳይ ኰይኑ፣ ብዛዕብኡ ንኽትመሃር ኣጸጋሚ ኣርእስቲ ኪገብሮ ይኽእል። እዚ ሓደ ካብ'ቲ ምኽንያታት ኣብ ማሕበረ-ኮምና ከይተፈልጠ ዚኸይድ ዘሎ ኢዩ።

   ነዚ ገጽ መርበብ (webpage) ብምንባብ፣ ኣገዳሲ ቀዳማይ ስጉምቲ ወሲድኩም ኣለኹም። ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተኸታተሉና፣ ኣብ ዝርዝር ናትና ኣስማትን ኣድራሻታትን (mailing list) ተጸንበሩን/ወይ ድማ ብዛዕባ ዓውደ መጽናዕትታትና ሕተቱ። ኩሉ ነገር ብኡንብኡ ክትመሃሩ የብልኩምን፣ ምሳና ተኣሳሲርኩም ብምጽናሕ ግን ህጻናት ብከመይ ደሓን/ውሑስ ኰይኖም ከምዝትሓዙ ፍልጠትኩምንን ክእለትኩምን ክትውስኹ ኢኹም።

2. **ብኣግኡ ጀምሩ**
   ብኣግኡ ምጅማርን ኣብ ሓደ እዋን ቀሩብ ምግባርን፣ ህጻናት ዝተዓብለሉ/ካብ መጠን ንላዕሊ ኰይኑ ከይስምዖም ኪሕግዝ ይኽእል።

3. **ውሑስ (safe) ሰብ ኩን**
   እዚ ዝርርብ እዚ ምግባር ንዓኹም ስለምንታይ ኣገዳሲ ምኳኑ ግለጹ። ደቅኹም ንገዛእ ርእሶምን ንካልኦትን ብከመይ ደሓን/ውሑሳት ኪኾኑ ከም ዝኽእሉ ክፈልጡ ትደልዩ፣ ከምኡ ከም ዘይኰኑ እንተሓሲቦም ወይ እንተተሰሚዕዎም ድማ ናባኹም ክመጽኡ ይኽእሉ ኢዮም። ተቐራቢን (approachable) ሓቀኛን ኩኑ። እዚ ኣብ መጀመርታ ምስ ደቅኹም ንምዝራብ ዘይምቹእ ኣርእስቲ ኰይኑ ኪስምዓኩም ይኽእል ኢዩ። ብዛዕባ እዚ ምስ ደቅኹም ዝበዝሐ ክትዛረቡ ብዝኸኣልኩም መጠን ግን፣ እዞም ዝርርባት እዚኣቶም ዝያዳ ንቡር ኰይኑ ኪስምዓኩም ኪኽእልን እቲ ሓገዝ ንምርካብ ዝመጽኡኹም ሰብ ናይ ምኳን ዕድልኩም ይዓቢን።

4. **ነቲ ግዜ ውሰዱ**
   ከም ወሲባዊ ምዝመዛ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ጉዳይ ቀሊል መልሲ ካብ ምሃብ ኣውግዱ። የግዳስ ግዜ ወሲድኩም ኣብ ምይይጥ ግጠሙ፣ ኣብ'ቲ ክዉንነትን ሓቅን ድማ ጽንዑ።

5. **ዓቃል ኩኑ!!**
   ደቅኹም ዘይዋስኡ/ዘይገጥሙ እንተኰይኖም ዓቕሊ ግበሩ። ምፍታን ቀጽሉ!

plea

Children of the Street

# እንታይ

6. **ነቲ ዕላል ምስ ዕድመ ደቅኹም ኣመዓራርይዎ**

   ንመንእሰያት ምስ ዕድሚኦም ዝሰማማዕ ሓበሬታ ምሃብ፣ ወሲባዊ ርክብ ባህርያዊ ክፋል ምዕባለ ደቂ ሰባት ምዃኑ ብዝቐለለ ንክርድኡ ክገብሮም ይኽእል። ብተወሳኺ እንዳዓበዩ ምስ ከዱ እቲ ዝያዳ ዝተሓላለኸ መዳያት ወሲባዊ ቅርበት ምስኣቶም ንምዝራብ ዝቐለለ ይገብሮ።

7. **ሕቶታት ሕተቱን ዶባት ሓንጽጹን።**

   ክትፈልጡ ተሃንጠዩ። ንደቅኹም ብዛዕባ ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት ዝገብርዎ ንጥፈታት ሕተትዎም፥ ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት እንታይ ክገብሩ ይፈትዉ? ናይ ኦንላይን/ኢንተርነት ኣዕሩኽቶም መን ኢዮም? ምቾት ከም ዘይስምዖም ዝገበሮም ነገር ርእዮም ይፈልጡ ድዮም? ብዛዕብኡ እንታይ ተሰሚዕዎምን/ወይ እንታይ ገይሮምን? ብዛዕብኡ እንታይ ከም ዝገብሩ ፈሊጦም ድዮም?

   ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት እንታይ ደሓን ወይ ዘይደሓን ምዃኑ አፍልጡ (ማለት፣ ናይ ብሕቲ ሓበሬታ ወይ ምስሊ ዘይምክፋል፣ መድረኻት (platforms) ምቕያር፣ ኣብ ሓቀኛ ህይወት ምርኻብ፣ ካብ ኦንላይን/ኢንተርነት-ኣዕሩኽ ህያባት ምቕባል)፣ ከምኡ'ውን ንዝኾነ ይኹን ዘጋጥም – ንስኻትኩም ንዕኦም ኣብኡ ኣለኹም። በይኖም ኣይኰኑን።

8. **ንሓሳቦም ዋጋ ሃብዎ**

   ክትረዳዱኡ ከለኹም፣ ምስ ደቅኹም ምዝራብ ኣብ ክንዲ ንደቅኹም ምዝርራብ ዘክሩ። እዚ ድማ ዝንኣሱ ዘይኰኑስ ማዕረ ኣባል እታ ስድራቤት ኰይኖ ክስምዖም የኽእሎም። ንደቅኹም ምስ ትሰምዑዎም ድምጾም ኣገዳሲ ከምዝኾነ ይስምዖም። ከም ውጽኢቱ፣ ንገዛእ ርእሶምን ንመሰሎምን ደው ኣብ ምባል ዝያዳ ውሕስነት ዘለዎም ኪኾኑ ኢዮም። ከምኡውን፣ ደቅኹም ምስ ጉዳያቶምን ስክፍታታቶምን ናባኹም ኪመጽኡ ዝያዳ ምቹእንት ክስምዖም ኢዩ።

9. **ዝርከቡ ጸጋታት ተጠቐሙሎም**

   ምስ ደቅኹም ብዕላል ክትራኸቡ ትቃለሱ/ትጽገሙ እንተኰንኩም፣ ኣብ ዙርያ እዋናዊ ዜናዊ ጽሑፍ ክትምርኰሱ ፈትኑ። ኣብኡ ርእይቶኦም ሕተቱ እሞ ሓሳባቶምን ስምዒቶምን ከምኡ'ውን ናትኩም ዳህስሱ።

10. **ውጥን ድሕነት (safety) ፍጠሩ**

   ሓደ ውጥን ድሕነት ኣብ ዝኾነ ግዜ ውሕስነት ዘይብሉ/ዘይደሓን ኰይኑ እንተተሰሚዑዎም ንሳቶም እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎምን ንሓገዝ ናብ መን ኪኸዱ ከምዚኽእሉን ንስኻትኩምን ደቅኹምን ንክትመያየጡን ክትውስኑን ዝሕግዝ ዝተወጠነ ሰነድ ኢዩ። ኣብ'ዚ ዕማም ምውፋር፣ ንክልቴኹም ብዛዕባ እዚ ከቢድ ኣርእስቲ ዝርርብ ንምግባር ዝያዳ ባህርያዊ ክገብሮ ይኽእል ኢዩ፣ ንክልቴኹም ብእኡ እናመርሓኩም።